# መእተዊ ብዛዕባ ራኔት ኢትዮጵያ

ራኔት ማለት "RAdio" ን "interNET" ን ካብ ዝብሉ ናይ እንግሊዝኛ ቃላት ነቶም ዝተሰመረሎም ፊደላት ብምግጥጣም ዝተረኸበ ቃል እዩ፡፡ ቀንዲ ዕላማ ራኔት ዲጂታል ሬድዮ ወርልድ ስፔስ ምስ ዘመናዊ ቴክኖሎጂ ኢንተርኔት አዋሂድካ ብምጥቃም ሚቲዎሮሎጂ ተንከፍ ዝኾነ ኢንፎርሜሽን ካብ ከተማ ርሒቑ አብ ገፀር ንዝርከብ ክፋል ሕብረተሰብ ዘበፅሐሉ መንገዲ ምምዕርራይ እዩ፡፡

አብ ውሽጢ ስርዓት ራኔት፣ ትካላት ሚቲዎሮሎጂ አብ ገፀር ንዝርከብ ክፋል ሕብረተሰብ ይጠቕሙ እዮም ኢሎም ዝሓስቡዎም ዓይነታት ኢንፎርሜሽን በምፍላይ ናብ ስርዓት ኢንተርኔት ክኣትዉ (Upload) ይገብሩ፡፡ በቲ ካሊእ ጫፍ ዘለዉን ኣብ ገፀር ዝነብሩን ክፋላት ሕብረተሰብ ነዞም መረዳእታታት ረኺቦም ንኽጥቀሙ ዘድለዮም ዲጂታል ሬድዮታት ወርልድ ስፔስን ብዊንዶውስ ኦፕሬቲንግ ሲስተም ዝሰርሕ ኮምፒዩተርን ጥራሕ እዩ፡፡ እዚ ማለት ካዓ መስመር ስልኪ ወይ ድማ ግልጋሎት ኢንተርኔት ምስ ዝህቡ ትካላት ውዕል ምእታው እንተየድለዮም ነቲ ሬድዮን ኮምፒዩተርን ብምርኻብ ጥራሕ ነቲ መረዳእታ ናብ ኮምፒዩተር ክቕዳሕ (Download) ብምግባር ካብቲ መረዳእታ ክጥቀሙ ይኽእሉ፡፡

ብመሰረት እዚ ድማ መተሓባበርቲ ራኔት ኢትዮጵያ አብ ገፀር ክፋላት ሃገርና ንዝነብር ክፋል ሕብረተሰብ ይጠቕሙ እዮም ኢሎም ዝሓስቡዎም ሚቲዎሮሎጂ ተንከፍ መረዳእታታት በዚ ድረ-ገፅ (Website) አቢሎም ክጥቀሙ ይገብሩ፡፡ ዲጂታል ሬድዮ ወርልድ ስፔስን ብዊንዶውስ ኦፕሬቲንግ ሲስተም ዝሰርሕ ኮምፒዩተርን ዘለዎም ሰራሕተኛታት ልምዓት ገፀር፣ ናይ ሓረስቶት ማሕበራት ስራሕ ወይ ድማ ነቲ ናይ ገፀር ማሕበረሰብ ብዝተፈላለየ መንገዲ ዝሕግዙ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ብዲጂታል ሬድዮ አቢሉ ናብ ኮምፒዩተር ንዝተገልበጠ መረዳእታ አብ ገፀር ንዝነብር ክፋል ሕብረተሰብ ክባፃሕ ክገብሩ ይኽእሉ፡፡

እቲ ሕብረተሰብ ድማ ነዞም መረዳእታታት አብ ዕለታዊ ምንቅስቓሱ ብምጥቃም ዓርሱን ንብረቱን ካብ ሚቲዎሮሎጂ ተንከፍ ሓደጋታት ብምዕቃብን መፍረያይነቱ ክዓቢ ብምግባርን ራኔት ኢትዮጵያ ሃገርና ሒዛቶ ንዘላ ድኽነት ናይ ምንካይ ምንቅስቓስ ናይ ባዕሉ እጃም ከምዘበርክት ይእመነሉ፡፡

ብመንፅር እዚ ድማ ኣብ ገፀር ዝነብር ወገንና ካብ ስርዓት ራኔት ብዝግባእ ተጠቃሚ ምእንታን ክኸውን ዓቕሚ ዘለዎም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ዲጂታል ሬድዮታት ወርልድ ስፔስ፣ ኮምፒዩተራት ከምኡውን ካልኦት ሓገዝቲ ናውቲ ብምዕዳግ አብ ገፀር ንዝርከቡ ማእኸላት መአከቢ መረዳእታ ንኽወፍዩ ይተባብዑ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ነቲ ሕብረተሰብ ይጠቕሙ እዮም ኢሎም ዝሓስቡዎም ሚቲዎሮሎጂ ተንከፍ ዓይነታት መረዳእታ ፈልዮም ንክጥቀሙ ነተባብዕ፡፡ ብዛዕባ ራኔት ዝምልከት ክረኽቡና ንዝደልዩ ኹሎም አብቲ ዋና ገፅ ብዘሎ አድራሻና ክረኽቡና ይኽእሉ፡፡